# ናይ ረብ ኣብ ባን ኣደም ዘለው ፋድል

فضل الله على عباده وكرمه عليهم

<تجرينية>

ካልፋ ሐማድ እስማዕል

خليفة حمد إسماعيل

بِسْمِ اللهِ الرَّحْمَنِ الرَّحِيْمِ

بسم الله الرحمن الرحيم

ንእስልምናን ንመልእኽቲ ናይ ነብይ ሙሓመድ (ሰ.ዓ.ወ) ኣተኩሩ ንዝጠመቶን ዝመርመሮን: ክብረት ናይ ደቂ-ሰባት ብግቡእ ዝሓለወ: ብልጸቶም ሓፍ ዘበለን ኩሉ ፍጡር ወዲ-ሰብ: ኣስላማይ ይኹን ዘየስላማይ ከም ሰብ ክቡር ምኻኑ ዘረጋገጸ መልእኽቲ እዩ:: ረቢ (ሱ.ወ) ኣብ ቁርኣን ንደቂ-ኣደም ከምዘኽበሮምን ካብ ብዙሕ ፍጥረታት ከምዘብለጾምን ከምዚ -:ክብል ይነግረና

{ وَلَقَدْ كَرَّمْنَا بَنِي آدَمَ وَحَمَلْنَاهُمْ فِي الْبَرِّ وَالْبَحْرِ وَرَزَقْنَاهُمْ مِنَ الطَّيِّبَاتِ وَفَضَّلْنَاهُمْ عَلَى كَثِيرٍ مِمَّنْ خَلَقْنَا تَفْضِيلًا}

ኩላቶም ከም ሰብ መጠን ኣብ ዓይኒ ኣላህ ግቡእ ኣለዎም: እንተኾነ ሓደ ካብ ሓደ ዝበልጸሉ ምኽንያት ብመጠን ዘለዎም ፍርሃት ናይ ኣላህ: ኢማኖምን ጽቡቕ ጠባዮምን እዩ:: ነዚ ሓቂ ወይ ነዚ ትርጉም እዚ ነብይ ሙሓመድ (ሰ.ዓ.ወ) ኣብ ሂወቶም ምስ ኣመንቲ ካልእ ሃይማኖታት ዝነበሮም ኣተሓሕዛን ዝምድነኦምን ብንጹርን ብሩህን ኣንጸባሪቖምን ኣነጺረሞን ::እዮም

-:ኣብ ሓደ ሓዲስ ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ከምዚ ኢሎም

ስነ-ስርዓት ቀብሪ እንተኣጋጢምኩም ክሳብ ኣብ መዓርፎኣ ትነብር " ደው በሉ" ኢሎም:: ሓደ ግዜ ሓንቲ ጀናዛ ሓሊፋ: ረሱል ደው ኢሎም የሕሊፎማ:: ሰሓባ ብድሕሪኡ "መዋታይ'ካ የሁዳዊ እዩ ኔሩ" በልዎም:

ረሱል ትቕብል ኣቢሎም: "ንሳስ ነብሲ'ዶ ኣይኮነትን'ያ" ክብሉ ሰብ መን ::ይኹን ብዘየገድስ ግቡእ ክብሪ ክወሃቦ ከምዘለዎ ምሂሮም

ነብይ ሙሓመድ (ሰ.ዓ.ወ) ኣብ ሂወቶም: ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚ ንኣመንቲ ካልእ ሃይማኖታት ሓሚሞም ከምዝበጽሕዎም ዝተመዝገበ ሓቂ እዩ:: ምስ ጎረባብቲ ክህልወና ዘለዎ ዝምድና ክሕብሩና እንከለው ድማ: ከምዚ ኢሎም:- "ዝበለጸ ዓርኪ ኣብ እንዳረቢ: ንዓርኩ በዓል ጽቡቕ ዝነበረ ኮይኑ: ዝበለጸ ጎረቤት ኣብ እንዳረቢ ድማ ንጎረቤቱ በዓል ጽቡቕ ዝነበረ እዩ" ኢሎም:: እዚ ሓዲስ እዚ ንኹሉ ጉርብትና ሃይማኖት ብዘየገድስ ::ዘጠቓለለ ትምህርቲ እዩ

ነብይ ሙሓመድ (ሰ.ዓ.ወ) ነቶም ዘይሰዓብዎም ሰባት ናጽነቶም ክግህስዎም ኣይተላእኩን: ብኣንጻሩ ብምጽውዋር ምክብባርን የሕልፍዎ ::ኔሮም: እዚ ድማ ካብቲ ቀንዲ መሰረታዊ መለለይኦም ነበረ

!ኣብ ሃይማኖት ኣስገዳድ የልቦን

ወላ'ኳ ነብይ ሙሓመድን ሰሓባን እስልምና ጥራይ ሓቀኛ ሃይማኖት: ማንም ፍጡር ድማ እስልምና ክኸተል ከምዘለዎ ይፈልጡን ይኣምኑን እንተኾኑ: ብዘይድልየቶም እስልምና ክቕበልዎ ግና ብፍጹም ኣገዲዶም ::ኣይፈልጡን: ነዚ ሓቂ ድማ ቁርኣን ኣነጺሩ ኣብሪህዎ እዩ

لَا إِكْرَاهَ فِي الدِّينِ قَدْ تَبَيَّنَ الرُّشْدُ مِنَ الْغَيِّ

ኣብ ሃይማኖት ምግዳድ (ምቕሳብ) የለን: ብርግጽ እቲ ቁኑዕ ጎደና " ::(ሓቂ) ካብቲ ናይ ጌጋ ጎደና ተነጺሩ (ጎሊሑ) እዩ" ይብል

ንሓደ ሰብ ናብ እስልምና ክኣቱ ብዝኾነ መንገዲ ከተገድድን ክትቅስብን እስልምና ኣየፍቅድን እዩ: ወላ ወላዲ'ውን ይኹን ነቲ ጽቡቕ

ዝደልየሉ ውሉዱ: ውሉድ'ውን ንወላዲኡ ከገድዶን ክድርኾን ኣይክእልን:: ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ንባዕሎም ካብዚ ተግባር እዚ ተኸልኪሎም እዮም:: ኣላህ ::(ሱ.ወ) ነዚ ኣመልኪቱ ከምዚ ይብል

وَلَوْ شَاءَ رَبُّكَ لَآمَنَ مَنْ فِي الْأَرْضِ كُلُّهُمْ جَمِيعًا أَفَأَنْتَ تُكْرِهُ النَّاسَ حَتَّى يَكُونُوا مُؤْمِنِينَ

ጎይታኺ (ኣላህ) እንተዝደልዮ ነይሩ: ኣብ መሬት ዘለው ኩሎም " ብሓፈሻ ምኣመኑ ነይሮም: ንስኻ (ሙሓመድ) ኣመንቲ ክኾኑ ዶ ተገድዶም?" ክብል ነቲ ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ኩሉ ሰብ ክኣምን ዝብል ክቱር ድልየቶምን ባህጎምን: ረቢ ዝደለየሉ እንተዘይኮይኑ ኣገዲድካን ቀሲብካን ዝኸውን ነገር ::ከምዘይከውን ሓበሮም

እስልምና ነቶም ኣመንቲ ካልእ ሃይማኖት ኣብ ሃይማኖቶም ናይ ምቅጻል ምሉእ መሰል ሂብዎም ጥራይ ዘይኮነ: ንሃይማኖቶም ዘንጸባርቕ ነገራት ክተግብሩ ኣፍቂድሎም: ንቤት ጸለቶም'ውን ሓልይሎም እዩ:: ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ንሰሓባ ንፈለስቲ ከይትቀትልዎም ኢሎም ኣዚዞሞም:: ኣብዝኾነ ኣጋጣሚ'ውን ንዝኾነ ቤት-ጸሎት ናይ ካልእ ሃይማኖት ሃጂሞም ኣይፈልጡን:: እቶም ብድሕሪኦም ስዒቦም ዝመጹ ኹለፋእ ንመራሕቲ ወተሃደራቶም: እቶም ኣመንቲ ካልእ ሃይማኖት ናይ ሃይማኖት ስነ-ስርዓት ዝፍጽምሉ ቦታታት ከየፍርስሎም: ከይምንዝዕሎምን ከምቲ ናይ ሃይማኖቶም ልምዲ ጌሮም ክምርዓው: ክፋትሑን ካልእን ክገድፍዎም ::ዝብል ትእዛዝ ሓደራ ኢሎም የፋንውዎም ኔሮም

ክብሪ ፍትሒ ምስ ካልኦት

ነብይ ሙሓመድ (ሰ.ዓ.ወ) ኣብ ሞንጎ ደቂ ሰባት፡ ኣመንቲ እስልምና ይኹኑ ኣምንቲ ካልእ ሃይማኖት፡ ፍትሒ ክነግስ ኣዚዞም እዮም፡፡ ኣብ ቁርኣን -፡ድማ ረቢ ከምዚ ይብል

{ إِنّ اللَّه يَأْمُرُكُمْ أَنْ تُؤَدُّوا الْأَمَانَاتِ إِلَى أَهْلِهَا وَإِذَا حَكَمْتُمْ بَيْنَ النَّاسِ أَنْ تَحْكُمُوا بِالْعَدْلِ

ብሓቂ ኣላህ ይእዝዘኩም ኣሎ ሓደራ (እምነት) ብግቡእ ክትመልሱ፡ ‘‘ ፡፡ኣብ ሞንጎ ደቂ-ሰባት እንተፈረድኩም ድማ ብፍትሒ ክትፈርዱ’’ ይብል

ከምቲ ካብ ረቢ (ሱ.ወ) ዝመጾም ትእዛዝ፡ ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ኣብ ልዕሊ ካልኦት፡ መን'ዮም፡ ጾትኦም፡ ሃይማኖቶም፡ ወለድኦምን ካልእን ብዘየገድስ ፍትሒ ኣንጊሶም፡፡ ካብ ዓማጺ፡ ወላ'ውን ኣስላማይ ይኹን ነቲ ዝተዓመጸ ግቡኡ የረክቡን ይህቡን ኔሮም፡፡ ረቢ (ሱ.ወ) ንረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ብዛዕባ እቶም ክሸምገሉ ዝመጹ ሰብ መጽሓፍ (ክርስትያንን የሁድን)፡ እንተፈረድካ ኣብ ሞንጎኦም ብፍትሒ ፍረድ፡ ኣላህ እካ ነቶም ርትዓውያ (ፍትሓውያን) ፡፡ይፈቱ እዩ ክብል ብፍትሒ ኣብ ቁርኣን ኣዚዝዎም

وَإِنْ حَكَمْتَ فَاحْكُمْ بَيْنَهُمْ بِالْقِسْطِ إِنّ اللَّه يُحِبُّ الْمُقْسِطِينَ

፡(ኣብ ሓዲስ ረሱል (ሰ.ዓ.ወ

ألا من ظلم معاهدًا أو انتقصه حقه، أو كلفه فوق طاقته، أو أخذ له شيئًا بغير حقه، فأنا حجيجه يوم القيامة

ነቶም ምስ ሙስሊሚን ኣብ ስምምዕ ኣትዮም ኣብ ትሕቲ ዕቑባ ናይ " ሙስሊሚን ዘለው ተኸተልቲ ካልእ ሃይማኖት ዝዓመጸ፡ ጉቡኦም

ዘጉደለሎም: ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ዘሰከሞም: ብዘይ ግቡእ ሓቆም
::ዝመንዘዖም: ኣነ ኣብ መዓልቲ ቅያማ መጓቲኡ እየ ኢሎም

ኣብ ካልእ ሓዲስ: ዝኾነ ሰብ ንዝኾነት ነብሲ ከሳቕያን ክብድላን
–:ከልኪሎም እዮም

الله عز وجل يُعذِّب الذين يعذبون الناس في الدنيا

ኣላህ ነቶም ኣብ ኣዱንያ ንደቂ–ሰባት ዘሳቕዩ ኣብ ኣኼራ ከሳቕዮም "
::እዩ" ኢሎም

ረሱል (ሰ.ዓ.ወ): ነቶም ኣመንቲ ካልእ ሃይማኖት ኣብ መሬት ኣስላም
ዝነብሩ ሰባት ኣብ መሬቶም ክሳብ ዘለው: ብኣማን ብሰላም ክነብሩ:
ሂወቶምን ገንዘቦምን ክዕቀበሎም: ካብ ሙስሊሚን ይኹን ካብ ካልኦት
::ከይብደሉን መሰሎም ከይገሃስን ውሕስነት ሂቦሞም እዮም

ጽቡቕ ዝምድና ምስ ካልኦት

ትምህርቲ ናይ ነብይ ሙሓመድ (ሰ.ዓ.ወ) ኣብ ሂወት ናይ ኣመንቱ
ኣስሪጽዎ ካብ ዝሓለፈ ኣገዳሲ ቅዱስ መሰረታዊ ጠባይ: ምስ ኩሎም
ፍጡራት ብጽቡቕ ክትካየድን: ወናኒ በዓል ውሕሉል ባህሪ ምኧንን እዩ::
:ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ኣብ ሓዲስ

إنما بُعثت لأتمم مكارم الأخلاق

ኣነ እኳ ነቲ ዝበለጸ ስነ–ምግባር ክተምም (ክመልእ) እየ ተላኢኸ" "
::ኢሎም

ኣህዛብ: ኣብ ነንሕድሕደን ምርድዳእ: ምትሕግጋዝ: ተጻዋዊርካ
ብሓባር ምንባርን ካብቲ ቀንድን ኣገድስትን ናይ ሂወት ባእታታት እዮም::

ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ኣብ መልእኽቶም ርህራሄ ብኹሉ መልክዑ: ብሉጽ ምትሕግጋዝ ብኹሉ ጎድኑ ኣዚዞም እዮም:: ኣያት ናይ ቁርኣን ነቶም ብሰንኪ እምነት ኢሎም ኣብ ልዕሊ ሙስሊሚን ኩናት ዘይኣወጁ ወይ ንሙስሊሚን ካብ ገዝኦም ዘየውጽእዎም ሰባት: ምስኦም ብጽቡቕ ኣካይዳን ብፍትሕን :ክካየዱ ንሙስሊሚን ከምዚ ክብል ኣዚዙ እዩ

{لَا يَنْهَاكُمُ اللَّهُ عَنِ الَّذِينَ لَمْ يُقَاتِلُوكُمْ فِي الدِّينِ وَلَمْ يُخْرِجُوكُمْ مِنْ دِيَارِكُمْ أَنْ تَبَرُّوهُمْ وَتُقْسِطُوا إِلَيْهِمْ إِنَّ اللَّهَ يُحِبُّ الْمُقْسِطِينَ}

ኣላህ ኣይከልክለኩምን እዩ ብዛዕባ እቶም ብእምነትኩም (ዲንኩም "ክብሉ) ዘይተዋግእኹምን ካብ ገዛኹም ዘየውጽእኹምን ሕያውነትን ፍትሕን ::ክተርእይዎምን: ኣላህ እኳ ርትዓውያን (ፍትሐኛታት) ይፈቱ እዩ" ይብል

ዑለማእ ኣብዛ ኣያ እዚኣ ነታ "ቢር" ትብል ቃል ክፍስሩ እንከለው: ንድኹማቶም ክንርህርሃሎም: ንድኽኦም ክንሕግዞም: ንጥሙዮም ክነዐንግለሎም: ንዕሩቓቶም ክንከድነሎምን: ልኡም ዘረባ ክንዛረቦም: ብንዕቀትን ብምፍርራህን ዘይኮነ: ብለውሃትን ብትሕትናን: ረቢ ከህድዮም ዱዓ ክንገብረሎም: ኣብ ኩሉ ምንቅስቃሳቶም ድማ ክንምዕዶምን ንመንገዲ ::ሓቂ ክንጽውዖምን ካልእን የጠቓልል ማለት እዩ ኢሎም

ሓደ ካባና ምስኦም ናይ ስጋ ዝምድና ምስዝህልዎ: ምስኦም ብጽቡቕ ክካየድ: ብፍላይ ድማ ወለዱ ምስዝኾኑ ዝግበኦም ክገብረሎም ከምዝግባእ እስልምና ምሂሩና:: ኣስማእ ቢንቲ ኣቢበከር (ረ.ዓ): ኣዲኣ ገና ኣብ ሺርኪ እንከላ ክተብጽሓ ኢላ ምስ መጸት: ንረሱል ከምዚ ክብል ሓተትክዎም ትብል: "ያ ረሱሉላህ ኣደይ ተሃንጥያ ቀሪባትኒ ክበጽሓ ዶ?": ረሱል ትቕብል ::ኣቢሎም: "እወ ነዴኺ ብጽሕያ" ክብሉ ብጽቡቕ ጠባይ መዓድዋ

ሓደ ግዜ ልኡኻት ካብ ነጅራን ዝተባህሉ ቀቢላ (ኣመንቲ ክርስትና) ናብ መዲና መጺኦም ድሕሪ ዓሰሪ ናብ መስጊድ ናይ ሙስሊሚን ኣተው: ግዜ ናይ ስግደቶም ስለዝኣኸለ ድማ ክሰግዱ ኢሎም ተስኡ:: ሰሓባ ክኸልክልዎም ኢሎም ብድድ በሉ: ነዚ ዝረኣዩ ረሱል (ሰ.ዓ.ወ): "ግደፍዎም" በልዎም: ንሳቶም ድማ ንምብራቕ ኣንፈቶም ጌሮም ስግዳኖም ::ኣከናወኑ

ብተወሳኺ ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ነቶም ኣብ ትሕቲ ሙስሊሚን ጂዝያ እንዳኸፈሉ ዝነብሩ (ኣህሉ ዚማ): ክዕንገል ዝደለየ ከዐንግልዎ ከምዘለዎም ኣዚዞም እዮም:: እስላማዊት ሃገር ኩሉ ጊዜ ናይቶም ሙስሊሚንን ኣመንቲ ካልእ ሃይማኖትን ሓላፍነት ወሲዳ ትከታተል ሃገር እያ: ጥጡሕ መነባብሮ ክህልዎም: ሰሪሖም ክኣትው: ሰላም ከስተማቕሩ: ካብ ናይ ውሽጣውን ግዳማውን ተጻብኦታት ክትከላኸለሎም: ንሙስሊሚን ዝጎድእ ተግባር ወይ ሓሳብ ክሳብ ዘየንቀሉ: እምነቶም: ባህሎምን ልምድታቶምን ከካይዱ ነጻነት ::ትህቦም

ረሱል (ሰ.ዓ.ወ): ንኣመንቲ ካልኦት ሃይማኖት ከምድልየቶም ክሰርሑ: ምስ ካልኦት ናይ ስራሕ ውዕል ክገብሩ: ዝመረጽዎ ስራሕን ሞያን ከማዕብሉ: ማዕረ እቶም ሙስሊሚን በብዓይነቱ ናይ ኢኮኖሚ ንጥፈታት ከካይዱ: ኣብ ዕድግን መሸጣን ክዋፈሩ መስለ ሂበቦም:: እዚ ኹሉ ክኸውን እንከሎ ግና ኣብ ሓራጣ (ሪባ): መስተ: ሓሰማን ካልእ ንሕብረተ-ሰብን ንዕኦምን ዝጎድእ ነገራት ኣብ ምሻጥን ኣብ ምልዋጥን ምስዘይዋፈሩ ማለት ::እዩ

እዚ እዩ እስልምና፡ ንኹሉ መሰረት ኣትሒዙ ኣገባብ ኣካይዳና ቀይዱ ዝገበረ ክቡር ዲን:: ንዓብን ንንእሽተይን ዝምልከት ቅንጣብ ከይገደፈ ::ዝመሃረን መሰረት ዘንበረን ዲን እዩ

ነዚ ዲን በቲ ረብን ረሱል ዝብልዎ መንገዲ ክንክተሎ፡ ንሱ ዝሓተቶ ኣብ ተግባር ከነውዕሎ ረቢ ይሓግዘና፡ ብዳዕዋ ናብ ኩሉ ከነባጽሖ ድማ ረቢ !!ይወፍቐና ኣሜን